ዕለት ፡- 11 ሓምለ 1997(18 ሓምለ 2005)
ቦታ ፡- ቤት ጽሕፈት ቅዱስ ሲኖዶስ
ሰዓት ፡- 10፡00 ቅ.ቀትሪ

# ቃለ ጉባኤ

## ውሳኔ ቅዱስ ሲኖዶስ

**ንብፁዕ ወቅዱስ ቀዳማዊ እንጦንዮስ 3ይ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ዝምልከት**

1. መንእሰያት መካነ ሕይወት መ/ዓለም ቤተ ክርስቲያን ካብ ነዊሕ ግዜ ጀሚሮም ክሀብዎ ዝጸንሑ ናይ መናፍቓን ትምህርቲ ኣብ 2001 ዓ.ም ጉባኤ ሊቃውንቲ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ተኣኪቦም ድሕሪ ዝገበርዎ መርመራን መጽናዕትን ከምዝተረጋገጸ ዝፍለጥ እዩ።

   በዚ መሰረት ድማ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣቀዲሙ ንዝወጸ መምርሕን ትእዛዝን ምርኩስ ብምግባር ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ተማሃሮ ትምህርቲ ሰንበት መካነ ሕይወት መ/ዓለም ቤተ ክርስቲያን ዘሕለፎ ውሳኔ ብተደጋጋሚ ብምቅዋምኩምን ናብ ዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስቲ ህግደፍን ሰርሒት ዞባን ብዘይ ኣፍልጦ ቅዱስ ሲኖዶስ ግን ብማሕተሙ ጎናዊ ጽሑፋት ብምልኣኽኩም ንበታኹም ዘይግበኣን ውጉዝን ተግባር ካብ ምኻኑ ንላዕሊ ንዕቀትን ድፍረትን ቅዱስ ሲኖዶስ ዘርኢ ተግባር ፈጺምኩም።

2. ቅዱስ ሲኖዶስ ዝለዓለ ኣካል ርእሰ ቤተ ክርስቲያን ከምኻኑ መጠን ነገረ መለኮትን ነገረ ሃይማኖትን እንኮ ዝምልከቶ ቅዱስ ሲኖዶስ ጥራይ እንከሎ ካብ ሕጊ ወጻኢ ናይ ነገረ መለኮት ዝማሃሩ ሰባት ብዘይ ፍቓድ ቅዱስ ሲኖዶስ ብማሕተም ናይ ቅዱስ ሲኖዶስ ተጠቂምኩም ምምዝዛኩም ካብ ሕጊ ወጻኢ ውጉዝ ኣሰራርሓ ፈጺምኩም ።

3. ብዛዕባ መመሓየሺ ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ዝምልከት ድማ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣብ ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ተመርኲሱ በቲ ሕጋዊ ስልጣኑ ዘጽደቖ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ መመሓየሺ ሕጊ ቤተ ክርስቲያን ካብ ሕግን ስርዓትን ወጻኢ ቀዳሞት ብዑንን ሊቃን ጳጳሳት ዘይነበርዎ ኣብ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ተራእዩ ዘይፈልጥ ውሳኔ ቅዱስ ሲኖዶስ ንምግልባጥን ንምፍራስን ብዕለት 03/02/2005 ዘሕለፍክምዎ ውግዘት ብምግንዛብ።

4. ብዛዕባ ኣባይቲ ደብረ ቢትኤል ድማ ኣቀዲሙ ግሉጻዊ ቅዱስ ሲኖዶስ ንዘሕለፎ ውሳኔን ከምኡውን ናይ ሕጂ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ንዘረጋገጽናዮ ውሳኔ ናይ ግሊ ርእይቶይ እዩ ብማለት ብዘይፍቓድ ቅዱስ ሲኖዶስ ክቢ ማሕተም ቅዱስ ሲኖዶስ ብምጥቃም ናብ ሚኒስትሪ ፍትሕ ዝጸሓፍክምዎ ግሉጺ ረብሓ ወገን ዝድግፍ ደብዳበ ብምግባር።

5. ላዕለዋይ ኣካል መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ኣብ ዘዘራረበኩም ግዜ ንቶም ብቅዱስ ሲኖዶስ መናፍቓን ምዃኖም ዝተኣመኑ ብሸልኦ ዝበፃሕዎን ዝተኸሱ ውልቀ ሰባት ክፈትሓልኩም ብስም ቤተ ክርስቲያን ምሕታትኩም ኣንጻር ቅዱስ ሲኖዶስ ደው ብምባልኩም ዘሕፍር ምኽኣት ብምምንዛዕ ከምኡውን ።

6. ከምቲ ብዝሓለፉ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ኣኼባታትና ሎሚ ፈሪምኩም ንጽባሒቱ እናኸሓድኩም ደጋጊምኩም ዝገበርክምዎ ሕጂውን ብዛዕባ ምንዋር ኣቡነ ሺኖዳ ናብ ሃገረ ስብከት ኣሜሪካን ካናዳን ምስ ቅዱስ ሲኖዶስ ተሰማሚዕኩም ውሳኔ የሕሊፍኩም ከተብቅዑ ንጽባሒቱ ከምልማድኩም ነቲ ውሳኔ ከትግልብጡ ምፍታንኩም ብጠቕላሉ ካብ ምኽሪ ቅዱስ ሲኖዶስ ምኽሪ ግላውያን ኣካላት ከምዝመረጽኩም ብምርዳእ ኣብ ዕዮ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ዕንቅፋት ኩንኩም ምጽናሕኩምን ምህላውኩምን ስለዝተረጋገጸ ። ካብ ዕለት 11 ሓምለ 1997 (16 ሓምለ 2005) ጀሚሩ ብጃኻ ጸሎትን ቡራኬን ካብ ዝኾነ ይኹን ንጥፈታት ምሕደራ ቤተ ክርስቲያን ክትግለሉ ቅዱስ ሲኖዶስ ብውሳኔኡ የፍልጥ።

1. ብጹዕ ኣቡነ ቄርሎስ ሊቀ ጳጳስ ደቡብ ዓዲ ቀይሕ ______
2. ብጹዕ ኣቡነ ዲዮስቆሮስ " - መንደፈራ ______
3. ብጹዕ ኣቡነ ስላማ " ገዳማት ኤርትራ ______
4. ብጹዕ ኣቡነ ዮሓንስ " ዓንሰባ - ከረን ______
5. ብጹዕ ኣቡነ ማርቆስ ጳጳስ ሃ/ስ/ስ ቀይሕ ባሕሪ ______
6. ብጹዕ ኣቡነ ማቴዎስ >> ን/ሃ/ስብከት ድባርዋ ______
7. ብጹዕ ኣቡነ ሉቃስ >> ሃ/ስብከት ጋሽን ባርካ ______
8 ብጹዕ ኣቡነ ጴጥሮስ >> ሃ/ስብከት ደ/ቀ/ባሕሪ ዓሰብ ______